# ህግሓኤን ፣ ህግደፍን ፡ ብከመይ ንረዳኦም ?

ብቀዳምነት ቅንያቱ፡ ብዓል ናጻነት ስለ ዝቀነያ እንቛዕ ኣብጸሓናን ደስ በለናን ፡ እወ ኣብ እተፈላለያ ሃገራትን ከተማታትን ዓለምና ድሙቅ ዝኾኑ ጓይላታትን ብእተፈላለዩ ሕብሪታት ባዴራ ኤርትራ ዘብለልጭልጨ ክዳውንቲ እተከድኑ ዜጋታትና ሓጎሶም ክገልጹ ተዓዚብና ። እዚ ከኣ ጽቡቅ መርኣያ ሃገራውነትን ናጻነትን ኾይኑ ንጸላእትና ከኣ ትምህርቲ ዝህብ ገርና ክንድምዲሞ ዕግበት ዝፈጥረልና እዩ ። እንተኾነ እዚ ጓይላን ዳንኬራን ግዝያውን ዑምቆት ዘይብሉ ላህመታዊ ኾይኑ ዝተርፈሉ ኹነታት ከኣ ንዕዘብ ኢና ። እዚ ማለት መራሕ ጉጂለ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ንህዝቢ ኢትዮጵያ " ሓደ ህዝቢ ኢና ክልተ ህዝቢ እዩ ዝብለና ዓሻ ' እዩ : ከምኡ እውን ንዓቢይ ኣሕመድ ድሕሪ ሕጂ 'ንስካ ኢካ ትመርሓና" ክብል እንከሎ ፣ ቀጺሉ ኣብ ማእከል ጎደና ሓርነት " ተደምረናል ኣንድ ሆነናል" ክብሃል እንከሎ ፣ እዞም ሃገራውያን ኣሕዋትና ፣ እንተውሓደ ካብዚኦም ሓደ ክፋል ስሚዒቶም ናይ ብሓቂ ሃገርነትን ናጻነትን እንተ ዝነብር ነይሩ ፣እንታይ ኾይኖም ደኣ ብቁጠዔን ብነድሪን ከብቲ ዓሪዱዎ ዘሎ ኩጀት ዓዲ ሃሎ፣ ብኮለታኡ ወጢጦም ኣብቲ ንህዝቢ ኣስመራ ማይ ጽምኢ እናሳቀየ ዝንየተሉ፣ ዲጋ ዓዲ ሃሎ ዘይመጥለቅዎ። በቲ ዝተሓተ ደረጃ እውን እዞም ኣብ ወጻኢ ዘሎዉ ሰላማዊ ሰልፍታት ክወጹን ንኢሳያስ ክኹንኑዎ ኣይትራእዮን ። ስለዚ በዚ ይኹን በቲ ፣ እዞም ሓጎሶም ክገልጹ ዝቀነዩ ዜጋታት ትርጉም ሓጎሶም ጓይላ እምበር ናጻነት ወይ ሃገር ኣይኾነን ክሳብ ምባል የብጸሕና፡ምኽንያቱ ቱርጉም ሃገራውነትን ናጻነትን ፡ህዝቢ ንቡር ክረክብ እንከሎ ምዃኑ ኣይተረደኦምን ።

ኣብ ቀንዲ መልእክተይ ክምለስ ፡ ህግሓኤን ህግደፍን ኣብ መንጎኦም ዓሚቕ ዝኾነ ፍልልይ ኣሎዎም። ክልቲኦም ብሓንሳብ ምውቅያም ይጎድኣና ዶ የርብሓና ? ኣብ ፖሊቲካ ፈተውቲ ዶ ምብዛሕ ይሓይሽ ወይስ ጸላእቲ ? ።

እዚ ሓዲሽ ወለዶ ኣበጊሱዎ ዘሎ ፖለቲካ ፡ብፍላይ ብሩህ መጻኢ ፡ ፈልሲ ፣ ወዘተ ፣ ምስቶም ኣወደስቶም ዝኾኑ ወነንቲ ዩቱበራትን ገለገለ ወልቀ ሰባትን ፡ ህግሓኤ ኣብ ሳሕል ሰብ ክቀትሉ ከም ዝወፈሩን ፡ ተጋዳላይ ማለት ከኣ ቀታል ሰብ ገይሮም ክገልጽዎም ይርከቡ ። ቀጺሎም ህግሓኤ ሓደ ዝረብሕ ስራሕ ከምዘይሰርሔ እናገለጹ ኣብ ኤርትራ ዲምክራሲ ከምጽኡ ቃልሶም ኣንጻር ህግሓኤ ምኳኑ ብመትከል መብጻዓ ቃልሶም ኣዊጆም ኣብ ስራሕ ይርከቡ ኣሎው ። እዞም መንእሰያት እዚኦም ብዙሕ ኣብ ግምት ክእትውዎ ዘይከኣሉ መስርሓት ኣሎ ። ገለገለ መንእሰያት ህግሓኤ ን30 ዓመታት ንበይኑ ኣብ ኤርትራ ከምእተቃለሰ ክምህሩና ዝፍትኑ እውን ኣሎው ። እምበኣር ህግሓኤ ነቲ ቓልሲ ደምዲምዎ እምበር ኣይጀመሮን ። እዚ መንእሰይ እዚ እተበደለ ምኳኑ ርዱእ እንተኾነ እቲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ስሳታትን , ሰብዓታትን, ሰማንያታትን ዘሕለፈቶ ጽገማት ፡ ብመንጽር ናይ ሎሚ ህሉው ኩነታት ክመዝኑዎ ምፍታኖም እዚ ሓደ ንቅድሚት ከይስጉሙ ዝዓግቶም ዘሎ እዩ። ኣብዚ ቀረባ ሓደ መንእሰይ " ሳሕል ከይከድና ብዘይ ኹናት ናጻነት መምጸእና ነርና ' ክብል ምስ ሰምዓኩ " ኣብ ኹናት ዘይወላ ይሓጥር ' ከምዝብሃል ፡ ዘሎናዮ ኹነታት ንዓወት ዘቀላጥፍ ከምዘይኾነ ትግንዘብ።

ህግሓኤ ከም ውድብ ብምልኡ ክውቓዕ ፍጹም ፍትሒ ዝጎደሎ እዩ ። ሓደ እቲ ዕላማ መበግሲ ቓልሲ፡ ነጻነት ኤርትራ ንምርግጋጽ ነይሩ ። እዚ ዕላማ እዚ ከኣ ዝከፍል ህወት ሰብን ንብረትን ተኸፊሉዎ ብ1991 ተራጋጊጹ እዩ ።ስለዚ ነዚ ናጻነት እዚ ሕያው ዝገበረ መንእሰይ ክብርን ሞጎስን ይግብኦ እዩ ። ከም ህዝቢ ታሪክና ብታሪክ ሰውራ እዩ ዝጅምር ፡ እዚ መንእሰይ ናይ ሕጂ ታሪኽ ተጋዳላይ ተሓኤ ይኹን ህግሓኤ ከወቅዕ ዝውዕል ፡ ነቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ኩናት መሪሖም ዓወት ዘጓናጸፉ መራሕትን ተመራሕትን ኣባታትናን ኣደታትና ካብ ገጽ ታሪኽ ምግሓፍ እዩ ። እሞ ጀጋኑ ዘይብልና ከንተርፍ ዝምነዮ ካብ ወገናትና

እውን ኣሎው ። ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ወሃብ ቓል ብሩህ መጻኢ “ ንጉጀለ 15 ኣፍልጦ ምሃብ ፡ ነቲ ኣንጻር ግህሓኤ ዝቃለሶ ዝነበረን ዘሎ ከፍሽለሉ ምኳኑ ይገልጽ “ እዚ ዘርእየና እቲ ራኢ እቲ ወድብ ኣብ ጉጉይ ሰረት ዝተበገሰ ቃልሲ ምኳኑ የብረሃልና ። ኩሉ ኣብ ህግሓኤ ዝተወደብን ዝተቓልሰን ቀታልን ሓራድን ክብሃል ኢፍትሓዊ እዩ ። ህግሓኤ ብ1991 ኣስመራ ክኣቱ እንከሎ ዳርጋ 100,000 ሽሕ ተጋደልቲ ነይሩዎ ይብሃል ፣ እዚ ኩሉ ንኤርትራ ናጻነት ዝተሰለፈ እምበር ነዚ ገበነኛ ጉጀለ ህግደፍ ከገልግል ኣይኾነን።ስለዚ ጉጀለ 15 ይኹኑ ወዲ ዓልን ብጾቱም ከምኡ እውን እተረሸኑ ውጉኣት ማይሓባርን እቶም ኣብ ዝተፈላለየ በረኻታት ኤርትራ በዚ ጉጀለ ዝመርሕ ዘሎ ሽፍታ እተቀንጸሉን እተረሸኑን ዜጋጋት ናትና ጅጋኑ እዮም ። ስለዚ ካብ ህግሓኤ ፈሊና ነዚ ጉጀለ ህግደፍ ዝብሃል  ክንወቅዕን ነቲ ዝበዝሔ ህዝብና ኣብ ወገና ክንጽንብር እቲ ቓልሲ ዝቀለለ ይኸውን ።

እቲ ከግበር ዘይነበሮ ነቲ ክብሪታትን ዕላማን ሃገር ኣብ ክንዲ ተሻሪኽና በቲ ዝመስለና እንኣምነሉን ፖሊቲካዊ መስመር ንጽንብሎ ። ኩሉ ነዚ ሽፍታ ጉጀለ ገዲፍናሉ ። ብዓል ናጻነት ከምኡ እውን መዓልቲ ሰውኣት ካብቲ ስርዓት መንጢልና ምስ ህዝብና ኾይና ኣብ ክንዲ ምብዓል “ ኣበይ ዘሎ ናጻነት “ ኣበይ ዘለዉ ሰውኣት ‘ እናበልና ኩሉ እቲ ክብሪታታና ነዚ ሽፍታ ጉጀለ ከም ድላዩ ክውንኖ ፍቂድናሉ ጥራሕ ኢድና ተሪፍና ። ሜዳ ኹዑሶ ንኹሎም ተጻወቲ ብማዕረ ይበጽሖም ፡ ሓንቲ ጋንታ ዳኛ ዓሚጹኒ ኢላ ጻወታ ኣቋሪጻ እንተ ወጻት ምስዓራ ጥራሕ ዘይኮነ መቅጻእቲ እውን ይብየነላ እዩ ። ስለዚ ንሕና ነቲ ባይታ ቃልሲ ገዲፍናሉ ስለ ዝሃደምና ኩሉ ተቛጻጽሩዎ ይርከብ ። ኣበው ክምስሉ እንከለዉ “ቆልዓ ይኀዱ እምበር ኣይቅድምን “ ከምዝብሃል በዚ ሓዲሽ ወለዶ ዝመጸና  ዘሎ ፍልስፍና ፡ቃልሲ ዘናዊሕ እምበር ዝሕጽር ኣይኾነን ።

ሓድሓደ ናይዞም ሕጂ ዝምድሩን ዝፍከሩን ዩቱበራት ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ተቀሚጦም ፡ ሰውራ ኤርትራ ከም ኩለን ሰውራታት ዓለም ዘሕለፈኦ ፣ኣብ ጉዑዞ ሽግር ኣጋጥምዎ ከምዝነበረ ኣብ ክንዲ ምግንዛብ ። ብፍጹም ዲምክራሲያዊ ምሕደራ ክነብራ ነይሩዎ ይብሉ ፣ እዚ ከኣ ነቲ ኹነታት ፈጢሩዎ ዝነበረ መሪር ናይ ሕድሕድ ኹናት ኣብ ግምት ዘየእተወ ወጅሃላ ዝኾነ ትንተና እዩ ። እዚ ከኣ እቲ መዓልታዊ ሂወት ናይ ተጋድሎና ከመይ ከምዝነበረ ዘይምፍላጥን ዘይምርድኣን እዩ ። ኣብ ሜዳ ሓደ ጉጀለ ነቲ ካልእ ጉጀለ ከጥፍእ ምስ ዝሕልን እሞ እቲ ካሊእ ጉጀለ ሓበሬታ ምስ ዝበጽሖ ፡ ከይቀደመኒ ክቅድሞ ንቡር ከምዝኾነ ንስሕቶ ኣይመስለንን ፡ እዚ ከኣ ኣብ ኣንጎላን፣ ሞዛምቢክ ፡ ሮድዝየን እውን ኩናት ሕድሓድ ነይሩ እዩ ። ስለዚ መን ቀደመ ኢዩ እቲ ጻወታ ።ብዝኾነ ናጻነትና ብደምና ስለ እተረጋገጸት ብክብሪ ክንጽንብሎን ክንውድሶን ኣሎና ።  ህግደፍ ከም ዝኮነ ዓማጽን ገዛኢ ሓይሊ መዓልቱ በሊዑ ክሓልፍ እዩ ። ድምበ ፍትሒ ብፍላይ ፖለቲካውያን ሓይልታት ነዚ መድረክ ዝምጥን ናይ ሓባር ውደባ ክሃንጹ ዘይምከኣሎም ፡ ነቲ ቓልሲ ናብ ምድስካልን ብርሰትን ኣውዲቁዎ ይርከብ ኣሎ ። ስለዚ ፖለቲካውያን ውድባት ኤነርጂ ወዲኤን ኣሎዋ፡ ወዮ መንእሰይ ከኣ ብድልየቱን ብዝመስሎን ክቓለስ መሰሉ እዃ እንተኾነ ምስ ኢትዮጵያ ኣብዚ ግዜ እዚ ምስዚ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታትን ሕሉፍ ተመክሮን፡ ዝፍጠር ርክባት ጥንቓቄን ውሕልነትን ዘድሊዮ ጉዳይ እዩ ። እዚ ናይ መንእሰያት ህዝባዊ ማዕበል ንጹርን ግሉጽን ቅርጻዊ ውደባ ተሰኒዮ ምስ ዝጉዓዝ ጥራሕ እዩ ተዓዋቲ ዝኸውን ። ርእይቶታትን ሓሳባትን ናይ ብዙሓት ዜጋታት ኣብ ግምት ምእታው፣ ጠቓሚን ሓጋዝን  እዩ ።

ዘለዓለማዊ ዝክሪ ንስውእትና !

ክብሮም ግረነት

6/7/24